homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
ጎደና ቪክቶርያ/Victoria ከምኡውን ሆላንድ ኮርት/ Holland Court
ፍሌሚንግተን

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ነገስግስ ኣለና ማለት እዩ።

ናይ ሎሚ ምልክታ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከቡ ልዑል ደርብታት ጽልዋ ኣለዎ፡ ምስዞም ነበርቲ ድማ ስሩዕ ርክብ ንገብር ኣለና። **ኣብ ህንጻኻ ወይ ገዛኻ ኣይጸሉን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎሚ ንነበርቲ እዞም ህንጻታት ብዛዕባ እዚ ዝቕጽል ደረጃ ተዛሪብና ኣለና፤

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

ካብ ሓምለ 2026 ክሳብ ለካቲት 2028፡ ናብ ምቹእ ገዛ ንኽግዕዙ ክንሕግዞም ምስዞም ስድራቤታት ብቐረባ ክንሰርሕ ኢና።

## ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ መንበሪ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ነበርቲ ብናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምድጋፍ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ብቅዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ይሰርሑ ኣለዉ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ገዛውቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾኑ እዮም፣ ንናይ ምንቅስቓስ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ምቹኣት ክኾኑ እዮም፣ ዝተመሓየሸ ዉሕስነት፣ ብርሃንን ንምንቅስቃስ ኣየርን ዘለዎም ከምኡ ድማ ባርኮኒን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ዘለዎም ክኾኑ እዮም።

## ኣብ ከባቢኹም

ንውሑዳት ዝተረፉ ስድራቤታት ኣብ 12 Holland Cour ከምኡውን 120 Racecourse Road ምግዓዞም ንምዝዛም ንድግፍ ኣለና። ምፍራስ ንምጅማር ኣብ እንዳለወሉ ዘለና እዋን፡ ንንድፊ ሓደስቲ ኣባይቲ እውን ሓሳባት ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ነእቱ ኣለና። እቲ ራእይ ሓደስቲ ኣባይቲ ኣብ ብግቡእ ዝተነድፉን ጽቡቕ ምትእስሳርን ዘለዎ ጎሮባብትን ብቕዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ንምህላው እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ኣብዚ ዓመት ኣብ ሓድሽ ህንጸት Holland Court ሓደስቲ ኣባይትን ማሕበረሰብ መሳለጥያታትን ክዛዘም ትጽቢት ኣሎ ኣብዚ ዓመት እዚ እውን ክዛዘም ዘለዎ ሓድሽ 5000 ትርብዒት ሜትሮ ዝስፍሓቱ ማእከላይ መናፈሻ ንድፊ ከነካፍለኩም ኢና።

## ብዛዕባ መደብ ዳግመ ምምዕባል

ኣብ መልበርን ዝርከቡ ዝኣረጉ ሰማይ ጠቀስ ደርብታት ብዘመናዊ መለክዒ፡ ምቾት፡ ተበጻሕነትን ብቅዓት ጸዓትን ዘማልኡ ሓደስቲ ገዛውቲ ክቕየሩ እዮም። ነዞም ህንጻታት ዳግማይ ብምምዕባል፡ ነበርቲ ሕጅን ንመጻእን ውሑስን ኣብ ውሑስ፡ምቹእ ከምኡ ድማ ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕን ገዛውቲ ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ነረጋግጽ ኣለና።

## ምትእስሳርን እዋናዊ ሓበሬታን ይሃልኹም

ገዛኻ ኣካል ናይቲ መደብ ሰማይ ጠቀስ ዳግመ-ልምዓት ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግን ምናልባሽ ኣብ ከባቢኻ ለውጢ ከም ዝፍጸም ከተስተብህል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ናይቲ ፕሮጀክት ምስ ሓድሽ ሓበሬታታት ክንራኸብ ኢና።

ብተወሳኺ ናብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ homes.vic.gov.au ብምእታው ኣብ ከባቢኹም እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ክትዕዘቡን እዋናዊ ዜናታት ንምርካብ ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ክትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026